ደብረ ግእዛን መድሓኔዓለም ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን
Debre Geezan Medhanealem Eritrean Orthodox Church
1904 S. Stn Mtn Lithonia rd. Litonia, GA. 30058 PO.Box 1835 Redan GA. 30074 Phone 770-484-1322 Fax 770-484-1344

# ርሑስ በዓል ልደትን ሓዲሽ ዓመትን ይግበረልና!
# Merry Christmas and Happy New Year!

ስብሓት ለእግዚአብሔር በሰማያት፡ወሰላም በምድር ሥምረቱ ለሰብእ
ክብሪ ንእግዚኣብሔር ኣብ ላዕሊ፡ ሰላም ከኣ ኣብ ምድሪ
ኣብ መንጎ እቶም ሥምረት ኣምላኽ ዘለዎም ሰባት።

ወዲ ሰብ ኣብ ሕይወቱ ሰለስተ ዓይነት ሰላም የድልዮ።

1. ሰላም ምስ ኣምላኽ፡ ኣምላኽ ዘይብሉ ሰላም ናይ ውሽጢ ዕጋበት ኪህብ ኣይክእልን እዩ። ከመይሲ ኣምላኽ “ሰላመይ እህበኩም ሰላመይ ከኣ እሓድገልኩም፡ እቲ ኣነ ዚህበኩም ሰላም ከምቲ ዓለም እትህበኩም ሰላም ኣይኮነን። ስለዚ እቲ ካብ ኣምላኽ ዝወሃብ ሰላም ብኹለንትናና ዕረፍቲ ዚህብ እዩ።
2. ሰላም ምስ ኩሉ ሰብ፡ ሰላም ምስ ኩሉ ንኽትነብር ሕድገት ናይ ውሽጢ ልቢ የድልየካ፡ ነዚ ዘኽእል ድማ እቲ ናይ ኣምላኽ ፍቅርን ሓልዮቱ ኣብ ደቂ ሰባት ዓዚዙ ምስ ዚሰፍር እዩ።
3. ሰላም ምስ ሕሊናኻ። እቲ ካብ ኩሉ ኣምላኽ ዚበልጽ ሰላም ኣምላኽ ከኣ ብክርስቶስ ኢየሱስ ገይሩ፡ ንውሽጥኹም ኪሕልዎ እዩ። ፊሊጲ.4፡6

ኣምላኽ ድማ ነዚ ሰላም እዚ ኪህበና እዩ። ኣብ መብልዕ ማል ዝተወልደ እሞ፡ ርሑስን ሕጉስን ዝመልኦ ሓጎስ ይግበረልና።

## ልደት ናይ ጐይታና

ልደት ናይ ጎይታና ክርስቶስ ኣምላኽና
ቁሪ ተሃሪሙ ሓራ ከውጽኣና
ጨርቂ ተጠቅሊሉ ምልክት ሕስራንና
ሎሚ ነስተውዕሎ ዋጋ ናይ ነፍሳትና
  ነመስግኖ ነመስግኖ ንኣምላኽና
  ካብ ሰማይ ወሪዱ ሞተውን ስሌና።
በሉ ንቀበሎ ሎሚ ናብ ልባትና
ድምጹ ንስምዓዮ ሰላም ክወርደና
ፍቅሪ ናይ ክርስቶስ ምስ ማርያም ኣዴና
ምሳና ክነብር ክሳዕ ጊዜ ሞትና።
  ነመስግኖ….
ሕጂ ንሕሰበሉ ወጋሕታ ብርሃንና
ኢየሱስ መጺኡ ፈውሲ ናይ ሕይወትና
ዓመታት ኣሕሊፉ ልደት ናይ ጎይታና
ሕጂ ይደሊሎ ክንህቦ ልባትና።
  ነመስግኖ….
ዓለም ከንቱ ኢያ ወንጌል ምስክርና
ሓዋርያኡ ገይሩ ምዒዱ ጎይታና
ብዓልና ክሓልፍ ብንጹሕ ሕልና
ሕጂ ነራግፎ ቂምታ ናይ ልባትና።
  ነመስግኖ….
ይቅሬታ ንለምን ብኽፉእ ሓጢኣትና
ምሕረት ክወርድዩ ኣብ መላእ ሕዝብና
መጋረጃ ጥፍኣት ክጠፍእ ካባና
ቅድስና ኣምላኽ ክሓድር ኣባና
  ነመስግኖ….

## ኣብ ቤትልሔም

ኣብ ቤትልሔም ኣብ ቤትልሔም ሰማያት በርሄ፡
ነጸብራቅ ንጓሶት'ውን ደጊሔ።(2)

መልኣኽ በሎም መልኣኽ በሎም ንብስራት፡
ተፈጺሙ ምስጢራት ድሕነት(2)

መላእኽቲ መላእኽቲ ጭፍራ ዘመሩ፡
ብሰማያት ቃል ሰላም ነገሩ።(2)

ናብ በዓቲ ናብ በዓቲ ምኻድ መኸሩ፡
ምሕረት ኣምላኽ ጢዕሞም ኣንከሩ።(2)

ረኺብዎ ረኺብዎ ሕጻን ጥቅሉል፡
ፈጣር ዓለም ኣብ መብልዕ ማል።(2)

ኦዘደንቅ ኦዘደንቅ ፍቅሪ ፈጣሪ፡
ምእንታና ኣብ ክንድዚ ቁሪ።(2)

ተሓጎሱ ትሓጎሱ ኣሕዛብ ዓለም፡
ተወሊዱ ንጉሰ ሰላም።(2)

እሰይ እሰይ : እሰይ እሰይ፡
ዕንዱ ሰናይ።
መጺእካለይ ሎሚ ካብ ሰማይ።(2)

ቤዛ ኩሉ ዓለም ዮም ተወልደ (4)

ኣማን በኣማን መንክር ስብሓተ ልደቱ

ኣንፈርኣጹ ሰብኣ ሰገል፡ (4) ኣንፈርኣጹ።

## ስብሓት ለእግዚኣብሄር

ስብሓት ለእግዚኣብሄር በሰማያት
ወሰላም በምድር ስምረቱ ለሰብ፡
ሃሌሉያ ሃሌሉያ (3) ኣሜን ሃሌሉያ

## መድኃኒና ካብ ሰማይ ወረደ

መድኃኒና ካብ ሰማይ ወረደ፡
ምእንታና ካብ ድንግል ተወልደ…
ሃሌሉያ።
ልዕሊ ሰማይ ዝነብር ዝፋኑ፡
ውሽጢ ቀላይ ዚርኢ ብዓይኑ
….ሃሌሉያ።
ክብሪ ኣዳም ስለ እተደምሰሰ፡
ብሓዲስ ሥጋና ለበሰ….ሃሌሉያ።
ኣብ መንበሩ ማንም ዘይቀርቦ፡
ፍቕሪ ኣዳም ንኣምላኽ ሰሓቦ….
ሃሌሉያ።
ሰማያዊ ሰማይ ዝፈጠረ፡
ኣብ ቤተ-ልሔም መብልዕ ማል
ኃደረ…. ሃሌሉያ